# ሕግን መሰልን ናይ መጀመርያ ምዕራፍ ናይ ደቂ ሰባትን ኣህዛብን እዩ።

ብክፍላይ ተኪኤ
ዕለት 15/09/2005

ዝኸበርካ ኣንባቢ! ሕግን መሰልን ናይ መጀመርያ ምዕራፍ ናይ ደቂ ሰባትን ኣህዛብን እዩ ዝብል ኣርእስቲ ተሞርኪሰ ክጽሕፍ እንከለኹ፡ ከም ሰብ መጠን ካብ ግዜ ንግዜ ዝተዓዘብክዎን ዘስተውዓልኩሉን ነገራት ስለ ዘሎ እየ። ስለ'ዚ ንሕና ደቂ ሰባት ሮቛሒ ናይ ሰብን ኣእምሮን ዘሎና፡ ንሕጊ መሰል ስርዓት ኣቃውማ ብኸመይ ንጥምቶ።

እምበኣርከስ ወዲ ሰብ ምስ ተወልደ ኣብ ምድሪ ዓለምና እናበዝሔ ብዝኸደ ዓለም እንታይ ትመስል ኣብ ዓለም ንክነብር እንታይ የድልዮ ብዙሕ ናይ ምርምር ጻዕርታት ከካይ ጀመረ። ወዲ ሰብ ግን ካብ ግዜ ንግዜ ዕብየት ኣእምሮ እናገበረን ብስለት እናደለበን ወትሩ ስለ ዝኸይድ ንመናባብርኡ ከማሓይሽ በቲ ዝማዕበለ ናይ መናባብሮ ዳህሳስ እናገበረ ማዕረ ማዕርኡ ንስርሓቱ ንሕዋሳቱ ዝኣልዩን ዘመዓራርዩን ናይ መጀመርያ ምዕራፍ ናብ ምቛም ሕግታቱ ኣተወ። ካብ'ዚ ተበጊሱ ወዲ ሰብ ብዛዕባ እቲ ዘለዎ ኣከባቢ ብዛዕባ እኩባት ሕብረተ-ሰብ (Group society) ምስ ብዝሒ ደቂ ሰባትን ኣህዛብን ከኣ ዕሙቕ ዝበለ ስነ ፍልጠታዊ ምርምር እናገበረ ካብ'ቲ ዘለዎ ኣከባቢኡ ሰጊሩ ብዛዕባ ኣብ ዓለም ዘሎ ፖለቲካዊ ቁጠባዊ ማሕበራዊ ሃዋሁ ኣዕሚቑ ተማራመረ። ወዲ ሰብ ግን ነቲ ብዕምቆት ዝገበረሉ ምርምር ኣብ ክንዲ ሓደ ብሓደ ብሰላምን ብፍቅርን ሂወት ዝመልአ መናባብሮ ብዝያዳ ክነብር ዝሓስብ፡ ኣብ ነንሕድሕዱ ምስሓሓባትን ምብድዳላትን፡ ኣብ ደቂ ሰባት ጎሊሑ ተራእየ። እዚ ከኣ እቲ ቀንዲ መሰረታዊ ምዕራፍ ሕጊ መሰላዊ ማዕርነት ሓደ ነቲ ሓደ ብማዕርነት ትብጽሖ ምኻኑ እናፈለጠ ጸቕጥታት (Represive) ምግሃስ መሰላት ኣብ ደቂ-ሰባትን ኣህዛብን ናይ ዕብለላ ደረቱ ሰኣነ። እዚ ካበይ መጺኡ፡ ስለምንታይ ከም'ዚ ክኸውን ክኢሉ እንተደኣ ክበሃል ኮይኑ፡ ወዲ ሰብ ባዕሉ ንባዕሉ ነቶም ባዕሉ ዘስፈሮምን ዘቐሞምን ናይ መጀመርያ ምዕራፍ ሕግታቱን መሰላቱን ስለ ዘይሰርሓሉን ብግቡእ ዘይምትግባሩን እዩ። ስለ'ዚ እምበኣር ሕግታት ብግቡእ ክሳብ ዘይሰርሔ ሕጋዊ መሰላትን ማዕርነት ደሞክራሲ (Democracy) ኣብ ደቂ ሰባትን ኣህዛብን በየናይ ገይሩ ክመጽእ። እዚ ከኣ ሕጊ ንመሰል የምጽእ መሰል ከኣ ብሕጊ ይሕሎ፡ ወዲ ሰብ ከኣ ተግባሪኡ ይኸውን። ዝኾነ ጸገማት ብምክብባር ፍታሕ ይህልዎ፡ ኣብ ሞንጎ ህዝብን መንግስትን ውልቀ ሰባትን ብማእከልነት ሕጊ፡ ሕግን ፍትሕን ይነግስ። እዚ ምስ ዝኸውን እምበኣር እቲ ናይ ሕጊ ኣምርን ሓረጋትን ከኣ በብመስርዑ ተሰሪዑ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ስርሓት እቲ ሓጋግን ፈራድን ፈጻምን ዝበሃል ኣኣብ ቦትኡ ኮይኑ ኣሰራርሕኡ ይልለ።

ሕግን መሰልን ክሳብ ዘይተረጋገጸ ግን ንደቂ ሰባትን ኣህዛብን ዓለም እናጸበበቶም ናይ ህልቂትን ጥሜትን ድንቁርናን ህልኻትን ኮይኑ፡ ነቲ ዝመጽእ ታሪኻዊ ሕቶ (For the coming historical question) እንተዘይተጠሚቱ፡ ንመንእሰይ ወለዶ (The young generation) ከኣ ዘይጥጡሕ ባይታ ኮይኑ ይጸንሖ። ብዝያዳ ከኣ ርእሰ ተኣማማንነት ክሓድሮ ግዜ ይወስደሉ፡ ንናቱ መጻኢ ዕድላት ኣብ ኣዋጣሪ ናይ ፖሎቲካዊ ቁጠባዊ ማሕበራዊ ኮይኑ ንድሕሪት ተመሊሱ ከኣ ኣብ ታሪኻዊ ሕቶ ይኣቱ። እዚ ከኣ ንነፍሲ ወከፍ ደቂ ሰባትን ኣህዛብን ታሪኻዊ ሓላፍነት(Historical Responsibility)እዩ። እዚ

ዓይነት መኣዝን ኣጣማምታ ክሳብ ዘሎ እቲ ህግን መሰልን ኣብ እዋኑ ንክይመጽእ ንጊዚኡ ኣጸጋሚ ይኸውን። እምበኣር እቲ ጸገማት እዚ ካብ ኮነ ኣምራት ሕግን እፎይታን ህዝብን ሕልናዊ ዕረፍቲ ከረጋግጽ እንተደኣ ኮይኑ ቁልጡፍ ሓታትን መላስን ክህሉ ኣለዎ። ነዚ ከኣ ወዲ ሰብ ንባዕሉ እኩብ ህዝብን መንግስትን ሃገርን ስለ ዝኾነ ናይ ሓባር መልሲ ክረክብ ናይ ግድን እዩ። እዚ ከኣ ሕቶ ናይ ደቂ ሰባትን ኣህዛብን ስለ ዝኾነ።

ኣብ'ዚ ንዘርዳእ ኣንባቢ ምእንቲ ብሩህ (Bright) ክኾነሉ እምበኣር፡ ዓለምና ብህዝቢ ትመሓደር ህዝቢ ከኣ ነናቱ ቦታ ኣለዎ ህዝቢ ኮይኑ ከኣ ሃገር የቕውም፡ ሃገር ከኣ ናይ ህዝቢ እያ፡ መንግስቲ ከኣ ብህዝቢ ይቐውም፡ ህዝብን መንግስትን ተዋሃሂዱ ድማ ቅዋም ሕግታቱ የቕውምን የስፍርን። ዓለም ለኻዊ ስም ለቢሱ ድማ ካብ ወለዶ ንወለዶ ሕግታቱ እናኣረመ ኣብ ታሪኻዊ ሰነድ ናይ ሕጊ መስርዕ የትሕዝ። እዚ ማለተይ ድማ ወዲ ሰብ ዓለም ስለ ዘሎ ብሕግን ብመሰልን ክነብር ስለ ዝደሊ ንክነብር ከኣ ጸቓጥን ተጸቃጥን ሓያልን ድኹምን ሓቅን ሓሶትን ቅኑዕን ጌጋን እናኣለለየን እናኣረመን እናዕረየን ንሕጉን መሰሉን ኣነ እየ ክብል ክበቅዕ ክኽእል ኣለዎ። ምኽንያቱ ሕግን መሰልን ልዕሊ ኩሉ ቀዳማይ ምዕራፍ ናይ ደቆ ሰባትን ኣህዛብን እዩ።

ትሕዝቶ ጽሑፈይ ሓፈሻዊ ብዛዕባ ሕግን መሰልን ስለ ዝኾነ ምንጽብራቕም እስከ ንጠምቶም ብሓጺር ኣገላልጻ።

1) ቅዋም፡ ሕጊ መሰላዊ ማዕርነት ብመጀመርያ መሪሕ ናይ ደቂ ሰባትን ኣህዛብን እዩ።
2) ቅዋም፡ ሕጊ መሰላዊ ማዕርነት ምልክት ፍትሕን ሰላምን እዩ።
3) ቅዋም፡ ሕጊ መሰላዊ ማዕርነት ቀንዲ ምልክት ናይ ሓንቲ ሃገር እዩ።
4) ቅዋም፡ ሕጊ መሰላዊ ማዕርነት ናይ ሓደ ህዝብን መንግስትን ሃገርን ምምሕዳርን ኮይኑ እቲ ቀንዲ ዓንዲ ሕቖ ናይ ዝኾነ ይኹን ስርሓት ዘመዓራርይ እዩ።

ኣብ መወዳእታ ሓሳብ ጽሑፈይ ተኣራምን ተማሃርን መሃርን ኣራምን ክኸውን ከሎ ባህርያት ሓሳባት ኣቕረብትን ደረስትን ጸሓፍትን ከኣ ከምኡ ክኸውን ብትሕትና ኣተሓሳስብ።

ሕግን መሰልን ናይ ብዙሓት ኣህዛብ እዩ``
ሰላምን ፍትሕን ንህዝቢ ኤርትራ።

ክፍላይ ተኪኤ
ጀርመን